# ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት 25 ኣብ መርበብ ሓበሬትኡ ኣብ ዘውጽኦ ዜና፡ ሓንቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ሒዛ ትጉዓዝ ዝነበረት ጃልባ ሃለዋታ ኣይተረኽበን ይበል ቢቢሲ

ብናይ ሕቡራት ሃገራት ሓበሬታ መሰረት፡ ልዕሊ 53 ኤርትራውያን ሒዛ ካብ ሃገረ ማልታ ርሒቕ ኢላ ተንሳፍፍ ዝነበረት ንኡሽቶ ጃልባ ብዘይ ሓደ ኣሰር ህልም ኢላ ጠፊኣ ።

ንመጨረሻ ግዜ ዝተራእየትሉ ዝሓለፈ ሰኑይ ኮይኑ፡ ኣብታ ካብ ዓቕማ ንላዕሊ ዝተጻዕነት ጃልባ ዝነበሩ ተሳፈርቲ ብዓቕሊ ጽበት ኣብታ ጃልባ ንዝኣተወ ማይ ንደገ እናጨንጉዉ ከምዝተራእዩ፡ ካብ ስእልታት ሓይሊ ኣየር ማልታ ዝተረኽበ መረጋገጺ ይሕብር።

ናይ ማልታ ሓይሊ ኣየር ነዚ ስእሊታት ድሕሪ ምውሳድ እቲ ሓበሬታ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ኣመልኪቱ። ብድሕርዚ ነታ ህጻናት ከይተረፉ ኣብ ፍርሒ ሞት ዝነበሩ ኤርትራውያን ተጻዒና ዝነበት ጃልባ ንምድሓን ብቕልጡፍ ናይ ማልታ ጀላቡ ተላኢኸን። እንተኾነ ግና እታ ጃልባ ተሰዊራ፡ይብለ ቢቢሲ።

ኣፈኛ ኮሚሽን ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት (UNHCR) ላውራ ቦለድሪኒ ንመርበብ ዜና ቢቢሲ ከምዝሓበረቶ፡ "ብዛዕባ ዞም ጠፊኦም ዘለዉ ብጣዕሚ ኣተሓሳሲቡና'ሎ" ትብል።

ንሳ ከምትብሎ፡ ቅድሚ እታ ጃልባ ምጥፋኣ፡ኣብታ ጃልባ ዝነበሩ ብሳተላይት ብዝተሓገዘ ተሌፎን፡ ሞቶር ናይታ ጃልባ ኽምዝጠፍአን ማይ ናብታ ጃልባ ኽኣቱ ኽምዝጀመረን ንኣብ ኣውሮጳ ዘለዉ ኣዝማዶም ከምዝደወሉሎም ትሕብር።ካብ ሽዑ ኣትሒዞም ወላኳ ምስኦም ንምርኻብ ናብቲ ዝተደወለ ቁጽሪ ዝተገብረ ዝተፈላለየ ፈተነታት እንተነበረ፡ እቲ መስመር ጠፊኡ።

እታ ኣፈኛ "ካብ ተሞኩሮና ዝኾነት ጃልባ ኣብዚ ኸባቢ ንክሳብ 20 መዓልታ ክትንሳፈፍ ከምትኽእል ኢና ንፈልጥ፡ እዚ ናይ ሕጂ ኣጋጢሙ ዘሎ ኩነታት ግና ንዓና'ውን ኣተሓሳሲቡና'ሎ "ትብል። ብዘይካዚ እታ ኣፈኛ፡እታ ዝጠፍአት ጃልባ ወይ ኣብ ገማግም ሊብያ ወይ ማልታ ኽትህሉ ኽምትክእል ጥርጣሬኣ ትገልጽ፡፡ በዚ ድማ ኮሚሽን ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነተን ኣብቲ ኸባቢ ዘለዋ ሃገራት ነቶም ዝጠፍኡ ግዳያት ኣብ ምድላይን ኣብ ምድሓንን ዝከኣሎም ኽገብሩ ምሕጽንታ ኣቕሪቡ'ሎ።

ሓንቲ ሓደ ሓዋ ኣብታ ጃልባ ዝነበረ ፡ኣብ ዓዲ ጥልያን ቦሎኛ ትነብር ኤርትራዊት "ኩነታቶም ብጣዕሚ ኣጨኒቑና ኣሎ" ክትብል ንኮሚሽን ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘለዋ ስግኣት ትገልጽ።

ብዘይካ'ዚ ብመሰረት ኣብ ኣውሮፓ ዝመደበሩ ናይ መርበብ ሓበሬታ ንሓርነት ኣካል ዝኾነ ኣብ ዘውጽኦ ትንተና፡ "ሓደ ሓደ ምንጭታት ከምዝሕብርዎ እቶም ጠፊኦም ዝበሃሉ ዘለዉ 57 ኤርትራውያን ስደተኛታት ብናይ ሊብያ ጀላቡ ተጨውዮም ኣብ ሊብያ ኣብ ምስጢራዊ ቤት ማሕቡስ ተዳጉኖም ኸምዘለዉ" የተንብሁ ኣለዉ ይብል

ተስፋይ ተክለዝጊ ዝተባህለ ኣባል ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ተወካሊ ኣብ ፈረንሳይ ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት 25 ኣብ ዝሃቦ ቓል፡እቶም ኸምዝጠፍኡ ዝንገረሎም ዘሎ ልዕሊ 50 ዝኾኑ ኤርትራውያን ኣብ ባሕሪ ኸምዘይጠሓሉን ካብቲ በሕሪ ተመንጢሎም ናብ ሊብያ ኸምዝተወስዱን ኣብ ሓደ ምስጢራዊ ቤት ማእሰርቲ ኸምዘለዉን፡፡እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ይብል እቲ በዓል መዚ፡ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ምናልባት ብምስጢር፡ብዘይ ፍላጥ ማሕበረሰብ ዓለም ናብ ኤርትራ ንኽትረዙ ዝተገብረ ተንኮል ክኸውን ከም ዝኽእል ይትንትን።

ብመሰረት ኣብ ኣውሮፓ ዝመደበሩ ኣካል መርበብ ሓበሬታ ንሓርነት ዝኾነ ዜና፡ ሓደ ኻብቶም ኣብታ ጃልባ ዝነበሩ ተሳፈርቲ ናብ ኣብ ኣውሮፓ ዘላ ሓፍቱ ብምድዋል እታ ንሶም ዝነበሩዋ ጠፊኣ እትበሃል ዘላ ጃልባ ብሰበስልታናት ናይ ሊብያ ኸምዝተጨውየትን እቶም ኣብኣ ዘለዉ ኹላቶም ድማ ናብ ሓደ ሕቡእ ቤት ማሕቡስ ኸምዝተወስዱን እዚ ግና ካብ፡ ኮሚሽን ስደተናታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ካብ ግበረ ሰናያትን፡ ንሰብኣዊ መሰል ዝጣበቓ ኣካላትን ስውር ምኳኑ ይሕብር።

እቲ ደዋላይ ኣብቲ ስውር ቤት ማእሰርቲ 3 መዓልቲ ኸምዝገበሩን ኣብ ሕማቕ ኩነታት ኸምዘለዉን፡ ሰበ ስልጣናት ሊብያ ድማ፡ ኮሚሽን ስደተናታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን፡ካልኦት ተጣበቕቲ መሰላትን ከይፈለጡ ናብ ኤርትራ ንምጥራዝ ይሸባሸቡ ኸም ዘለዉ ሓቢሩ።

ብዘይካዚ ፒተር ፓፍራም ዝተባህለ ካብ ሮማ ሃገረ ጣልያን ኣብ ዝሃቦ ጸብጻብ፡ ናይ ማልታ ናይ ድህሰሳ ወተሃደራዊ ነፈርቲ ካብ ማልታ 80 ማይልስ ናይ ባሕሪ ርሕቀት ኣቢሉ ኣብ ስርሐን እንዳተንቀሳቐሳ ኸለዋ ናይታ ጃልባ ስእልታት ከምዝወሰዳ ይሕብር።

ብመሰረት ፒተር ፓፍራም፡ ሓላፊ ወተሃደራዊ ሓይልታት ማልታ፡ጀነራል ካርሜል ቫርሳሎ፡ ናብ መብዛሕትኡ ክፋል ባሕሪ ሜዴትራንያን ብፈጣናት ጀላቡን ዝተፈላለያ ናይ መድሕን መራኽብን ከምዝተላእኻን እንተኾነ ዝተረኽበ ሃለዋት ኸምዘየለ ይሕብር።

ንሱ ብተወሳኺ ኸምዝህብሮ፡ ተደጋጋሚን ዝተፈላለየን ናይ ኣድሕኑና ተደጋጋሚ መልእክቲ ካብታ ጃልባ ናብ ማልታን፡ሎነዶንን ካልኦት ክፋላት ኣውሮጳን ተላኢኹ ይብል።

ኣብ ናይ ንግሆ ሰዓታት ናብ ሌፐታን ዝተባህለት ኣብ ጣልያን እትነብር ኤርትራዊት ዜጋን ካልኦትን ነይ ኢመርጀንሲ መልእክትታት ካብታ ጃልባ ተሰዲዱ፡በዚ መሰረት ድማ ኻብቶም ተቐማጦ ኣውሮጳ ብቕልጡፍ ናብ ላመፔዱሳ እትበሃል ኣብ ደቡባዊ ሲሲሊ እትርከብ ደሴት ንዝርከቡ ተኸታተልቲ ዶብ ናይ ኢመርጀንሲ መልእክቲ ተሰዲዱ።ሌፓታን እንደገና ኸባቢ ሰዓት 2፡30 ናብታ ጃልባ ምስ ደወለት ግና እቲ መስመር ተዓጽዩ፡ይብል እቲ ምንጪ።

ብተወሳኺ ኣብ ቤርጋሞ እትበሃል ከተማ ዝነብር የናስ ዝተባህለ ኤርትራዊ ተመሳሳሊ መልእኽቲ ተቐቢሉ፡ኣብታ ጃልባ ኻብ ዝነበሩ፡ ሓዉን፡ሓፍቱን ሕጽይቱን፡ኣዝማዱን ናይ ኢመርጀንሲ ተደጋጋሚ መልእክቲ ኣብ ሰዓተት ናይ ንግሆ ተሰዲዱሉ፡እንተኾነ ግና ከባቢ ሰዓት 3 ናይ ምሸት እቲ መስመር ተቛሪጹ።

ድሕሪ'ዚ ጀላቡ ማልታ ድህሪ 4 ሰዓታት ደበኽ ብምባል ከባቢ ናይ ምሸት ነቲ ባሕሪ ጫሕንጊረንኦ፡ እንተኾነ ግና ዝረኸብኦ ኣሰር ኣይነበረን።

ካብ ቤት ጽሕፈት ኮሚሽን ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ላውራ ቦልድሪኒ፡ "ኣብታ ጃልባ ልዕሊ 53 ዝኾኑ ጸዓዱ ኣውሮጳውያን እንተዝነብሩ ንምድሓን እንታይ ዓይነት ሸበድበድ ኸምዝፍጠር ርዱእ እዩ።እዚ ዘርእየካ ድማ ኣብ ዓሌት ዝተመርኮሰ ሓገዝ ኸምዘሎ እዩ ዝሕብረካ" ትብል ንሳ።

ኣብ ባሕሪ ሜደትራንያን ልዕሊ 10፣000 ሰባት ኸምዝጠሓሉ መዝገባት ይሕብሩ።

ብዙሓትኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ኣጻምእ ሰሃራን፡ ባሕሪ ሜደትራንያን ኸምዝጠፍኡን፡ገና ውን እዚ ጥፍኣት እዚ ይቕጽል ኸምዘሎን ዝተፈላለዩ ጾብጻባት ይሕብሩ'ለዉ።እዚ ኸምዚ ዝኾነሉ ዘሎ ምኽንያት ይብሉ ተንተንቲ፡ኣንጻር መንእሰያት ዝግበር ዘሎ ፖሊሲታትን ጎስጓሳትን እዩ። እዚ ድማ ናይ ኣልማማ ግፋታት፡ብዜይ ፍርዲ ምእሳር፡ምዕፋን፡ ካብኡ ሓሊፍካ ድማ ምርሻን ምኻኑን፡በዚ ተስፋ ዝቘረጹ ዜጋታት ናይታ ሃገር ድማ ናብ ጎረባብትን ካብኡ ሓሊፎም ድማ ናብ ስግር ባሕሪ ይስደዱ ኸምዘለዉ እቶም ምንጭታት ይትንትኑ።

ገለ ገለ ጾብጻባት ኣብዚ እዋን እዚ ዓይነት ናይቶም ሀገሮም ጠጠንጢኖም ናብ ስደት ዝውሕዙ ዘለዉ መንእሰያት፡ ዝተፈላለየ ሞያ ዘለዎምን፡ ናይ ዩኒቨርስቲ ምሩቓትን ብብዝሒ ኸምዝርከቡዎምን እዚ ድማ ንኤርትራ ናብ ሓደገኛ ናይ ዓቕሚ ሰብ ስእነት ይደፍእ ኸም ዘሎ ብስክፍታ ይትንትኑ'ለዉ።